መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# የሱስ ዓሰርተ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ከም ዝመረጸ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.
ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ
ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

የሱስ ኣዚዩ ግሩም ነገር ገበረ። ሕሙማት ኣሕወየ፡ ንዝተጨነቁ ንልቦምን ንኣእምርኦምን ሰላም ሃቦም፡ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ድማ ይምህሮም ነበረ።



ብዙሓት ህዝቢ ድማ ናብ የሱስ ክፍወሱ ይመጹ ነበሩ። የሱስ ድማ ነቶም ህዝቢ ዝመርሐን ዝሕግዝዎን ዓሰርተ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ሓረየ።



ሓደ ፍሉይ ነገር
ክትመርጹ ከለኹም
ንእግዚኣብሄር ትሓትዎ
ዶ? የሱስ ከምኡ እዩ
ገሩ። ኣብ ሓደ ጽምዋ
ጎቦ ደዪቡ ንናይ ሰማይ
ኣቡኡ ተዛረቦ። ክሳብ
ጸሓይ ትዓርብ ድማ
ይጽሊ ነበረ።





የሱስ ምሉእ
ለይቲ ጸለየ።

ምስ ወገሐ ድማ ነቶም ደቂ መዛሙርቱ ጸውዖም-ኲሎም የዕርኽቱ ዝተኣዘዝዎን ዝሰምዕዎን እዮም ዝነበሩ። ካብኣቶም ድማ ዓሰርተ ክልተ ሃዋርያት ዝኮኑዎ መረጸ።



እቶም መጀመርታ የሱስ ዝመረጾም ኣሕዋት እዮም ነሮም፡ ስምኦን ጴጥሮስ ኢሉ ዝጸውዖን ሓዉ ድማ እንድርያስ። ናይ ዓሳ ምግፋፍ ስርሖም ገዲፎም ድማ ንየሱስ ሰዓብዎ።



ያእቆብን ዮሃንስን ደቂ
ዘብዴዮስ ውን ምግፋፍ ዓሳ
ገዲፎም ሰዓብዎ።



የሱስ መሊሱ ውን ን ፍሊጶስ፡ ጰርጤመሎስ፡ ማቴዎስ፡ ቶማስ፡ ስምኦን፡ ያእቆብ ወዲ እልፊዮስ፡ ይሁዳ ሓው ንያእቆብን ይሁዳ ኣስቆርታዉን እቲ ድሒሩ ንየሱስ ዘትሓዞን እዮም ዝነበሩ።



የሱስ ከምዚ ኢሉ
መሃሮም፡ ቃሉ ሰሚዑ
ዘተግበሮ ከምቲ ቤቱ
ኣብ ጽቡቕ ዝስርታ እዩ
በሎም። ንሳ ማዕበል
ወይ ንፋስ ምስ ዝመጽእ
ኣይትፈርስን እያ።



እቲ ቃል ኣምላኽ ሰሚዑ ዘይገብሮ ግን " ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሰርሓ ሰብኣይ እዩ ዝመስል፡ ማዕበል ወይ ንፋስ ምስ መጸ ድማ ትወድቕ።



ገለ ካብ ትእዛዛት የሱስ ቀለልቲ ኣይነበሩን። "የማነይቲ ገጽካ ዝጸፍዓካ እታ ካልኣይቲ ውን ምለሰሉ" ኢሉ ምሃሮም። "ጸላእትኹም ኣፍቅሩ"። ሰባት ከም የሱስ ንክነብሩ ናይ እግዚኣብሄር ሓገዝ የድልዮም እዩ።



የሱስ መሊሱ ነቶም ህዝቢ በሎም
ክትጽልዩ ከለኹም ተሓቢእኩም ጸልዩ፡
ከምቲ ካልኦት መራሕቲ ዝገብሩዎ
ጸሎትኩም ሰባት ምእንቲ ክርእዩልኩም
ኣብ ቅድሚ ሰባት ኣይትግበሩዎ
በሎም።





የሱስ በሎም እግዚኣብሄር ነቶም ዝእምንዎ ሰባት ይምግቦምን ይኸድኖምን። ከምቲ እግዚኣብሄር ምግቢ ነዕዋፍ፣ ጽቡቕ ሕብርታት ድማ ንዕንባባትን ኣታኽልትን ዝህቦም፣ ነቶም ዝኣምንዎን ዝሰዕብዎን ድማ ኩሉ ዘድልዮም ይህቦም እዩ።

የሱስ ነቶም ሓደሽቲ ደቂ
መዛሙርቲ ድማ ብዙሕ
ትምህርቲ መሃሮም። ምስ
ወድኣ ድማ ሓደ ለምጻም ናብ
የሱስ  ክፍወስ ክልምኖ መጺ።





የሱስ መለሰሉ፡ "ክትፍወስ ኢካ
ክትነጽህ ድማ ኢኻ በሎ"።
እቶም ደቂ መዛሙርቲ
እንዳረኣዩዎ ከለዉ ድማ እቲ
ልምጻም ተፈወሰ። ወዲ
ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ከምዚ
ዝገብር። ደቂ መዛሙርቱ ድማ
ኣዚዩ ድንቂ መራሒ ከም
ዘለዎም ፈለጡ።

የሱስ ዓሰርተ ክልተ ደቂ መዛሙርቲ ከም ዝመረጸ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴዎስ 4-7፡ ማርቆስ 1፥ ሉቃስ 6

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

39

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16